# ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.)
## መስራቲ ጉባኤኡ ብዓወት ኣቃኒዑ።

ብኮሚቲ ምሕደራ
ኤምዲሰመ
1 ሕዳር 2004
ፕሪቶርያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ

እቲ፡-

- ✓ ብኤርትራውያን ስደተኛታትን ተመሃሮን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝቖመ፣
- ✓ ንምህናጽ ሰላማዊት፡ ብልጽግትን መሰል ዜጋታታ ድማ እተኽብር ኤርትራ ዝቃለስ ዘይሻራዊ ሲቪካዊ ምንቅስቓስ፣
- ✓ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝተጋህደ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን ቅልውላው ከምኡ 'ውን ደረት ዝሰገረ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ከርፋሕ መነባብሮ ህዝብናን 'እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ' ብዝብል ሃገራዊ ሓላፍነት ዝተበጋገሰ ምንቅስቓስ፣
- ✓ ብምስፋን ስርዓተ-ሕግን ምትካል ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ከምኡ 'ውን ብትግባረ ዓለም-ለኻዊ መትከላት ሰብኣዊ መሰላት፡ ንመሰል ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ ክቃለስ ዝሕልን ምንቅስቓስ፣
- ✓ ናጽነትን ዲሞክራስን ንምውሓስ ንወለዶታት ዝቐጸለ መስዋእትነትን ናይ'ዚ ዘሎ ስርዓት ፍሽለት ኣብ ምርግጋጽ ራእይ ህዝቢ ኤርትራ ብምስትብሃልን ዝተበገሰ ምንቅስቓስ፣
- ✓ ሓርነት፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ሰላምን ክብርን ንቑቡል ባህግታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምትግባር ኣገደስቲ ዕላማታት ምዃኖም ብምስትብሃል፤ እሞ ድማ ኩሎም ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ንኤርትራውያን ብማዕረ ከም ዝበጽሕዎም ብምእማን ዝተወደበ ምንቅስቓስ፣
- ✓ ንዝሓንጸጸ ሸቶታት ኣብ ምዕዋት ኣድላይነት ዘይሻራውን ዘይፖለቲካውን ሲቪካዊ ኣወዳድባ ብምግንዛብ ዝተመስረተ ምንቅስቓስ፣

ብ31 ጥቅምቲ 2004 ኣብ ከተማ ፕሪቶሪያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ መስራቲ ጉባኤኡ ብዓወት ኣቃኒዑ።

ጾብጻብ ናይ'ቲ ዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤ እነሆ።

# ጸብጻብ መስራቲ ጉባኤ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.) ድሕሪ'ቲ ግዚያዊት ኮሚተን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዘለዋ ጨናፍርን ክካይዶኦ ዝቐነያ ተኸታታልን ጽዑቕን ኣኼባታት፡ ብ31 ጥቅምቲ 2004፡ ካብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ዩኒቨርሲታትን ደቡብ ኣፍሪቃ ዝመጹ ኣባላት ምንቅስቓስ ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ከተማ ፕሪቶርያ፡ ኣደራሽ ዩኒቨርስቲ ፕሪቶርያ መስራቲ ጉባኤኡ ብዓወት ኣቃኒዑ።

መስራቲ ጉባኤ፡ ብኣቶ ኣማኑኤል ክብሮም ብዝተመርሐ መደብ ዝክረ-ሰማእታት ኢዩ ጀሚሩ። ኣቶ ኣማኑኤል ክብሮም ሓጺር ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፉ ትሕዝቶን መደባትን መስራቲ ጉባኤ ንተጋባእቲ ኣላልዩ። ብድሕሪኡ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዚያዊት ኮሚተ ምንቅስቓስ ኣብ ዝሓለፈቶም መድረኻት፡ ምንቅስቓስ ኣብ ዘመዝገቦም ዓወታትን ኣብ ዝነበሩ ድኽመታትን ዝተሞርኮሰ ቃል ምንቅስቓስ ብኣቶ ዳንኤል ረዘነ ቀሪቡ። ኣብ'ቲ ዝቐረበ ቃል፡ ብኣቶ ዳንኤል ካብ ዝጠቐሱ ገለ ኣገደስቲ ዓወታት ምንቅሰቓስ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ መንፈቕ ብቑጽሪ ኣባላት ይኹን ብኣወዳድባ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ክበጽሕ ምኽኣሉ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓወታት ዝጥቀስ ምዃኑ ተገሊጹ። ምንቅስቓስ ምስ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ብዓቕሚ ሰብን ዲፕሎማሲ-ሽፈጥን ዝዓንተሩ መለኽትን ጨካናትን ስርዓታት ገጢሙ፡ እሞ ድማ ምስ'ቲ ኩሉ ፈታኒ ጸገማት ናይ ስደት እንዳተጠማጠመ መደባቱ ኣዋሃሂዱ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክብጽሕ ምኽኣሉ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ብልጫታት ምዃኑ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ንድኽመታት ምንቅስቓስ ዝርኢ መብርሂ ድማ፡ ምንቅስቓስ ከም'ቲ ዝድለን በቲ ክኾኖ ዝግበኦ መልክዕን ንኽይሕይል ካብ ዝዓንቀጽዎ ቀንዲ ሕጽረታት ትካላዊ ኣሰራርሓ ካብ ዘይጸንሖ ባይታ ዝተበገሰ ትልሚ ብምዃኑ እዚ ድማ ሓደ ዓቢ ሃጓፍ ከም ዝነበረ ተገሊጹ። ጠንቂ ናይ'ዚ ድማ ጉድለት ተሞክሮ መሪሕነት ናይ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምንቅስቓስ ከም ዝኾነ፡ ልዕሊ ኩሉ ግን እቲ ምንቅስቓስ ክሳብ ሕጂ ዘይተናገፈሉ ዓቢ ማሕለኻ ሕጽረት ባጀት ከም ዝኾነ ተገሊጹ። እዚ መሰረታዊ ማሕንቖ እዚ ክሳብ ዘይተፈትሐ ድማ ምንቅስቓስ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣዋርሕ ክህልዎ ዝኽእል መደባት ስራሕ ኣዝዩ ድሩት ክኸውን ከም ዝኾነ ተሓቢሩ።

ስዒቡ ብኣቶ ሓይለኣብ ኪዳነ ናይ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጸብጻብ ስራሕን ፋይናንስን ምንቅስቓስ ብሓፈሻዊ መልክዕ ናብ ጉባኤኛታት ቀሪቡ። ምንቅስቓስ ኣበየኖት መደባት ብንጥፈት ይዋሳእ ከም ዝነበረ፡ ካብ ዝሓንጸጾም መደባት ኣየኖት ተዓዊቶም፡ ኣየኖት ከ ኣይተዓወቱን ስለምንታይን ኣብ ዝብሉ ነብጥታት ተሞርኪሱ ኣቶ ሓይላኣብ መብረሂ ሂቡ። ኣብ'ቲ ንፋይናንስያዊ ጉዳያት ምንቅስቓስ ብዝምልከት ዝቐረበ ጸብጻብ ድማ ምንቅስቓስ ክሳብ ሕጂ ክንደይ ዝኣክል ገንዘባዊ ሓገዝ ካበየኖት ምንጭታት ከም ዝረኸበ ተገሊጹ። እቲ ዝተረኸበ ሓገዛት'ከ ኣብ ከመይ ዝበለ መዓላታት ውዒሉን ሕጂ'ከ ብፋይናንስያዊ መንጽር ምንቅስቓስ ኣብ

ከመይ ዓይነት ደረጃ ይርከብ ኣሎ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ብክኢላታት ሕሳብ ዝጻፈፍ ዘሎ ወግዓዊ ፋይናንስያዊ ጸብጻብ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ናይ ሓደ ወርሒ ግዜ ተሰላሲሉ ንኽሉለን ጨናፍር ብቕዳሕ ክላኣኽ ምኳኑ ተገሊጹ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ስራሕን ፋይናንስን ካልኦት ሓፈሻዊ ጉዳያትን ካብ ጉባኤኛታት ሕቶታትን ርእይቶታትን ቀሪቡ። ብኣባላት ግዚያዊት ኮሚተ ድማ መብርሂ ተዋሂብዎ። ኣብ'ቲ ዝቐጸለ መደብ ድማ ብኣቶ ሳሙኤል ቢዘን ብዛዕባ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ቅዋም ምንቅስቓስ፡ ከምኡ 'ውን ስምን መለለዪ ኣርማን መብርሂ ተዋሂቡ። ብመሰረት እቲ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብኣባላት ዝቐረበ ርእይቶታት ኣብ'ቲ መበቆላዊ ቅዋም ምንቅስቓስ ዝተገብረ ምምሕያሽን ናይ መውዳእታ መልክዕ ቅዋምን ድማ ተገሊጹ። ገለ ካብ'ቲ ዝተገበረ ለውጥታት ኣብ'ቲ መበቆላዊ ቅዋም ዘይነበረ ሓደ ሓድሽ ኣካል ማለት ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ዝተበሃለ ኣገዳሲ ኣካል ክህሉ ከም ዝተገብረ፡ ኣብ'ቲ ተመሓይሹ ክጸድቕ ዝቐረበ ቅዋም ካብ ዝተኣታተዉ ምምሕያሻት ሓደ ምኳኑ ኣቶ ሳሙኤል ገሊጹ። እዚ ኣካል'ዚ ብዓንቀጻት 7.1ን 9ን ናይ'ቲ ዝተመሓየሸ ቅዋም መሰረት ዝተኣታተወ ሓድሽ ኣካል ኢዩ። ብድሕሪኡ ገለ ካብ'ቲ ብጉባኤ ክውሰን ተባሂሉ ዝቐረበ ኣገድስቲ ነጥብታት ማለት ስምን ኣርማን ምንቅስቓስ ከምኡ 'ውን መጠን ወርሓዊ ክፍሊት ኣባልነት ብድምጺ ብልጫ ክውሰን ናብ ጉባኤኛታት ወሪዱ።

ካብ'ቲ ንስም ብዝምልከት ዝወረደ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤምዲሰመ) ዝብል ዝበዝሐ ድምጺ ስለ ዝረኸበ ወግዓዊ ስም ምንቅስቓስ እዚ ዝጠቕሰ ስም ክኸውን ተወሲኑ። ቅድሚ ሕጂ ምንቅስቓስ ብወግዒ ዝተመዝገበሉ ስም ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን - ደቡብ ኣፍሪቃ (ኤ.ምዲ.ሰ.መ. - ደ.ኣ.) ዝብል ኮይኑ፡ በዚ ሕጂ ጉባኤ ዘጽደቖ ስም መሰረት ግን እቲ ኣብ መወዳእታ ዝነበረ "ደቡብ ኣፍሪቃ (ደ.ኣ)" ዝብል ቅጽል ከም ዝተርፍ ኮይኑ ኣሎ። ገለ ካብ'ቲ ቀሪቡ ዝነበረ ካልእ ኣማራጺ ኣስማት ግን ከኣ እኹል ደምጺ ናይ ተጋባእቲ ዘይኸረበ እዚ ዝስዕብ ይርከቦ፦ ኤርትራዊ ሲቪካዊ ምንቅስቓስ፡ ኤርትራዊ ሲቪካዊ ማሕበር ንሰብኣዊ መሰላት፡ ኤርትራዊ ሲቪካዊ ምንቅስቓስ - ደቡብ ኣፍረቃ፡ ኤርትራውያን ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሳላትን ዝብል ይርከቦ።

ንመለለዪ ኣርማ ብዝምልከት ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ ድማ ካብተን ዝቐረባ ሰለስተ ኣማራጺታት እታ ብታሪኻዊት ቆጽሊ ኣውሊዕ ኣብ እተኸበበ ድሕረ-ባይታ ዝራአዩ ክልተ ሰባት (ጓልን ወድን) በቲ ሓደ ኢዶም ተተሓሒዞም እንከለዉ፡ በቲ ሓደ ኢዶም ድማ ሽግ ዓቲሮም እንከለዉ እተርኢ ኣርማ ንዕላማታትን ስምን ምንቅስቓስ ብግቡእ ተንጸባርቕ ኢያ ተባሂሉ ስለ ዝተኣምነላ ብዓብላሊ ድምጺ ከም መለለይት ኣርማ ምንቅስቓስ ጸዲቓ። ብድሕሪ'ዚ በቲ ዝቐረበ ዓብላሊ ድምጽታት መሰረት ምሉእ ትሕዝቶ ናይ ቅዋም ምንቅስቓስ ምስ ስምን መለለዪ ኣርማን ብወግዒ ከም ዝጸደቐ፡ መራሒ መደብ መስራቲ ጉባኤ ኣቶ ኣማኑኤል ክብሮም፡ ንጉባኤኛታት ብዝበሰረ ኣደራሽ ጉባኤ ብነጎዳ ጣቕዒት ተናዊጹ።

ስዒቡ ንውሳነ ዝቐረበ ነጥቢ ጉዳይ ወርሓዊ ክፍሊት ኣባልነት ኮይኑ፡ ዓቕሚ ዝበዝሑ ኣባላት ምንቅስቓስን ኩነታት መነባብሮ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ኣብ ግምት ዘእተወ ብዝበዝሑ ተጋባእቲ ድማ ደገፍ ዝኸረበ መጠን ብጉባኤ ጸዲቑ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝቐጸለ ርክብ ምርጫ ኣባላት ኮሚተ ምሕደራን፡ ኮሚተ ኦዲትን ተወሰኽቲ ኣባላት ሓፈሻዊ ቤት ምኽርን ተኻይዱ። ቅድሚ ምርጫ ምክያዱ፡ ብኣቶ ዓንዶም መስፍን ብዛዕባ ኣገባብ ምርጫ ንተጋባእቲ መብርሂ ተዋሂቡ። ብዘሎ ኣቃውማ ጨናፍርን ኣወዳድባ ኣባላትን መሰረት እቲ ዝሓሸን ዘስርሕን ኣገባብ ምርጫ ድማ ንተጋባእቲ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መሰረት ተገሊጹ።

በቲ ተመሓይሹ ዝቐረበ እሞ ድማ ብጉባኤ ዝጸደቐ ቅዋም መሰረት ውድባዊ ቅርጺ ምንቅስቓስ ኣብ ኣርባዕተ ዝተኸፋፈለ ኢዩ። ንሳቶም ድማ ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ፡ ኮሚተ ምሕደራን ኮሚተ ኦዲትን ዘጠቓለለ ኢዩ። ኮሚተ ኦዲት ንፋይናንስያዊ ጉዳያት እትከታተል ካብ ዝኾነ ኣካላት ምንቅስቓስ ድማ ነጻ ዝኾነት ኣካል ኢያ። ኮሚተ ምሕደራ፡ ንመዓልታዊ ንጥፈታት ምንቅስቓስ እተካይድ ፈጻሚት ኣካል ናይ ምንቅስቓስ ኢያ። ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ድማ ብወከልቲ ኩለን ጨናፍርን ከከም ኣድላይነቱ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ብዝምረጹ ተወሰኽቲ ኣባላት ዝቘመ ዝለዓለ ኣካል ናይ ምንቅስቓስ ኮይኑ ንዕማማት ኮሚተ ምሕደራ ዝቆጻጸር ኣብ ሞንጎ እቲ ብኹሎም ኣባላት ዝቘመ ሓፈሻዊ ጉባኤን ኮሚተ ምሕደራን (ፈጻሚ ኣካል) ከም መራኸቢ ድልድል ኮይኑ ዘገልግል ኣካል ናይ ምንቅስቓስ ኢዩ። ሓፈሻዊ ጉባኤ ድማ እቲ ብኹሎም ኣባላት ዝቐውም ኣካል ናይ ምንቅስቓስ ኢዩ። ቀንዲ ካብ ዕማማቱ ድማ ብቐጥታ ወይ ብወከልቱ ኣካላት ምንቅስቓስ ምምራጽን ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ድማ ብድምጺ ብልጫ ውሳነታት ምሕላፍን ኢዩ።

በዚ ሕጂ ዘሎ ኣወዳድባ፡ ኣቃውማን ዓቐምን ኣባላትን ምንቅስቓስን መሰረት ኩሉ ኣባል ብሰንኪ ፋይናንሲያዊ ሕጽረት ኣብ መስራቲ ጉባኤ ክርከብ ግብራዊ ኮይኑ ስለ ዘይተረኸበ፡ ኣብ'ዚ መስራቲ ጉባኤ ዝተኻየደ ምርጫ ብፍላይ እቲ ንምርጫ ኣባላት ኮሚተ ምሕደራ ዝምልከት ብቐጥታ ብኹሎም ኣባላት ዘይኮነስ በቶም ንኹለን ጨናፍርን ኣባላተንን ወኪሎም ዝመጹ ኣባላት ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ኢዩ ተኻይዱ። ንኹለን ጨናፍር ወኪሎም ዝመጹ ኣባላት ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ብቑጽሪ 19 ክኾኑ እንከለዉ፡ ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፦

ናይ ጨንፈር ኩዋ ዙሉ ናታል (KwaZulu-Natal Chapter))

1. ኣቶ ኣማኑኤል ክብሮም
2. ኣቶ ቢንያም ተስፋማርያም
3. ኣቶ ቢንያም የማነ

ናይ ጨንፈር ፍሪ ሰተይት (Free State Chapter)

4. ኣቶ ኣብራሃም ረዘነ ተስፋይ

5. ኣቶ ዳንኤል ረዘነ መኮነን

ናይ ጨንፈር ዌስተርን ኬፕ (Western Cape Chapter)

6. ኣቶ ብሩኽ ተኸለ
7. ኣቶ ሂኖክ ሓድጉ
8. ኣቶ ያሬድ ተካ

ናይ ጨንፈር ፕሪቶርያ (Pretoria Chapter)

9. ኣቶ ኢሰያስ ሃይለ
10. ኣቶ ፍስሃየ ገብረእግዚኣብሄር
11. ኣቶ ዮሃንስ ጸጋይ

ናይ ጨንፈር ጆሃንሰበርግ (Johannesburg Chapter)

12. ኣቶ ኩሉብርሃን ኣብራሃም
13. ኣቶ ገብረልኡል ሓየሎም
14. ኣቶ ዓብደልዋስዕ መሓመድ ሓድሽ
15. ኣቶ ተስፋኣለም ተኸለኣብ

ናይ ጨንፈር ፒተርስበርግ (Petersburg Chapter)

16. ኣቶ ስዒድ ዓብደልከሪም
17. ኣቶ ኢብራሂም ኣሕመድ
18. ኣቶ ኤፍሬም ተስፋማርያም

ናይ ጨንፈር ጀርምስተን (Germiston Chapter)

19. ኣቶ ኢሰያስ ገብረብርሃን ክኾኑ እንከለዉ፡

ብጉባኤ ዝተመርጹ ተወሰኽቲ ኣባላት ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ድማ፡

1. ኣቶ ኢሰያስ ኣርኣያ
2. ኣቶ ብርሃኑ መሓመድ ስዒድ
3. ኣቶ ሙሴ በየነ
4. ኣቶ ቴድሮስ ገዛኢ ኢዮም።

ብኣጠቓላሊ 23 ዝኣባላቱ ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምስ ቆመ፡ ጉባኤ ሰለስተ ዝኣባላታ ኮሚተ ኦዲት መሪጹ። ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ብወገኑ ድማ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ኮሚተ ምሕደራ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ። ኣባላት ኮሚተ ኦዲት ኮይኖም ዝተመርጹ፦

1. ኣቶ ኪዳነማርያም ሃብተማርያም
2. ኣቶ ዮሴፍ ተኽለማርያም
3. ኣቶ ምሕረትኣብ ገብሪሂወት ኢዮም።

ኣባላት ኮሚተ ምሕደራ ኮይኖም ዝተመርጹ ድማ፡

1. ኣቶ ሳሙኤል ቢዘን - ኣቦ-መንበር
2. ኣቶ ዓንዶም መስፍን - ሓላፊ ፋይናንስን ምምሕዳርን
3. ኣቶ ሓይላኣብ ኪዳነ - ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት
4. ኣቶ ዩኤል ኣለም - ሓላፊ ሕጋዊ ጉዳያት
5. ኣቶ ፋኑኤል መስፍን - ሓላፊ ምርምርን ሰነዳን ኮይኖም ተመሪጸም።

ብድሕሪ'ዚ ኣባላት ኮሚተ ምሕደራ: ንኤምዲሰመ እሙናት ክኾኑ፡ ንቅዋም ምንቅስቓስ ምእዙዛት ክኾኑን ከኽብርዎን፡ ከም ኣባላት ኮሚተ ምሕደራ መጠን ንዝተወሃቦም መዝነት ብክብሪ ብምቕባል፡ ሓቀኛታትን ቅኑዓትን ኣገልገልቲ ምንቅስቓስ ክኾኑ፡ ንዝፈልጥዎ ምስጢራት ድማ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ከየውጽኡ፡ ስርሖምን ተጊሆም ክዓዩ ምኺኖም ብምግላጽ፡ ቃል-ማሕላ ድሕሪ ፈጺሞም።

ኣብ መወዳእታ ምንቅስቓስን ኣባላቱን ሰላማዊት፡ ብልጽግትን መሰል ዜጋታታ ድማ እተኽብር ኤርትራ ንምህናጽ ዝኣተውዎ መብጽዓ ብምሕዳስ መስራቲ ጉባኤ ኤምዲሰመ ብዓወት ተዛዚሙ።

# Eritrean Movement for Democracy and Human Rights Held its Founding Congress Successfully

By EMDHR Management Committee
1 November 2004
Pretoria, South Africa

The Movement:

- ✓ Founded by Eritrean students and exiles in South Africa
- ✓ Committed to build a peaceful and prosperous Eritrea that values and protects the rights of its citizens;
- ✓ Founded as a result of severe deterioration in political, economic and social developments and gross human rights violations perpetrated by the Government of Eritrea since independence;
- ✓ Resolved to promote and defend human and democratic rights of Eritreans inside and out side of the country, via legal and peaceful means, by enhancing the establishment of rule of law and respect for basic human rights as enshrined in relevant international human rights instruments;
- ✓ Cognizant of the generations' sacrifice to secure independence and democracy in Eritrea and the current regime's failure to realize our peoples' dream;
- ✓ Convinced of the fact that freedom, equality, justice, peace and dignity are essential objectives for the achievement of the legitimate aspiration of the Eritrean people;
- ✓ Underlining the importance of a non-political civic movement in pursuance of its aspired goals

Has successfully conducted its Founding Congress on 31st of October 2004 in Pretoria, South Africa.

The report of the Founding Congress follows.

## Report of the Founding Congress of EMDHR

After through and continual deliberations of the Interim Committee and the various Chapters of the Movement, EMDHR successfully held its Founding Congress on 31st of October 2004, at the University of Pretoria Conference Room at the presence of several of its members and representatives of various Chapters.

The Founding Congress was launched by a moment of silence led by Mr. Amanuel Kibrom who then briefly welcomed and introduced the conveners with the program of the Congress. Next to that, Mr. Daniel Rezene delivered the Official Statement of the Movement which was based on the activities of the Interim Committee during the last six months. He emphasized on the landmark phases the Movement has gone through and highlighted on the successes and limitations during the Interim Committee's mandate time. Accordingly, in terms of membership and organizational set up, the EMDH is believed to be in a better position than it was before six months. Facing PFDJ, one of the barbarous tyrannies, well equipped in terms of personnel and awkward diplomacy, coupled with all the hardships of exiled life, the Movement has efficiently overcome arduous challenges. This was acclaimed, according to Mr. Daniel Rezene, as one of the best achievements of EMDHR in the last six months.

He went on and explained that lack of experience in organizational and institutional framework was identified as one of the limitations of the Movement during the Interim Committee's mandate time. The fact that EMDHR came into being from such a background meant that, to some extent, its operations were not structured in the desired context. The number one constraint is, however, lack of financial resources from which EMDHR is still suffering bitterly. Without tackling this bottleneck, it was said, the Movement's future plans will definitely be limited only to certain activities.

In the next program, Mr. Haileabe Kidane presented the progress report and financial report of the Movement in which he discussed the priorities of the Interim Committee's mandate time, the tasks the Committee has accomplished so far and those which were not accomplished. He also explained the reasons for non-accomplishment of some of the tasks. Regarding the financial matters of the Movement, Mr. Kidane explained the sources of funds of EMDHR and their allocation together with the current balance. He also indicated a full financial report which is underway by experts will be finalized in a-one month period after which it will be dispatched to all Chapters. Subsequently, the conveners forwarded comments and questions on the above explanations which were duly attended by members of the Interim Committee.

Moreover, Mr. Samuel Bizen gave a briefing on issues such as the Construction, Name and Logo of EMDHR. Mr. Bizen asserted that the original Constitution of

the Movement was amended in accordance with the comments forwarded from various Chapters in such a way that it could accommodate the desires of members. One of the principal amendments introduced in the Constitution is the incorporation of a new body which didn't appear in the previous Constitution. That body is the General Council as provided by Clauses 7.2 and 9 of the amended Constitution. The conveners were then briefed on some of the main issues that had to be forwarded for a vote by the Congress. These include the Name and Logo of the Movement as well as the amount of membership fee.

From the list of names forwarded for vote, the conveners overwhelmingly chose the name: Eritrean Movement for Democracy and Human Rights. Previously, the Movement was known as "Eritrean Movement for Democracy and Human Rights – South Africa". According to the newly adopted name, the suffix "South Africa" will be removed from the official name of the organization. Other alternative names that didn't secure enough vote included: Eritrean Civic Movement, Eritrean Civil Society for Human Rights, Eritrean Civic Movement – South Africa and Eritreans for Democracy and Human Rights.

The other issue, which was decided by vote, is the choice of the Logo of EMDHR. Out of the three options, the Congress voted for the one which depicts a woman and a man holding hand in hand on the one side, and grabbing a torch in unison on the other side, appearing on a background of the historic olive leaf. Once the Congress voted on the Name and Logo of EMDHR, Mr. Amanuel Kibrom, the leader of the Founding Congress, announced the official ratification of the Movement's Constitution along with the Logo and Name of the organization. The Congress then applauded the result with joy and excitement. On the issue of membership fees, the Congress, taking into account the financial position of the majority of members and the standard of living in South Africa, decided an amount which was believed to be reasonable by the Congress.

In the afternoon session, the Congress conducted the election of members of the Management Committee, the Audit Committee and additional members of the General Council. Before that, Mr. Andom Mesfin briefed the Congress on the election procedures which were adopted as follows.

According to the amendments to the ratified Constitution, the organizational structure of EMDHR is divided into four organs. It includes the Annual Congress, the General Council, the Management Committee and the Audit Committee. The latter organ is that which controls the financial matters of the Movement. The Management Committee is the executive organ of EMHDR which conducts the day-to-day activities of the organization. The General Council oversees the activities of the Management Committee and serves as a bridge of communication between the Annual Congress and the Management Committee. The Annual Congress is constituted by all members of EMDHR whose primary task is to directly or indirectly elect organs of the Movement and vote on issues of paramount importance.

According to the current organizational structure and financial limitations of the Movement, all members of the organization were not able to participate on the Founding Congress. As a result, election of Management Committee members could not have been possibly conducted through direct votes. The only practical way was to indirectly elect members of the Management Committee via the votes of the General Council members who represented democratically every Chapter. General Council members who represented their respective Chapters are nineteen in number. These are:

KwaZulu-Natal Chapter:

1. Mr. Amanuel Kibrom
2. Mr. Biniam Tesfamariam
3. Mr. Binyam Yemane

Free State Chapter

4. Mr. Abraham Rezene Tesfay
5. Mr. Daniel Rezene Mekonnen

Western Cape Chapter

6. Mr. Buruk Tekle
7. Mr. Henok Hadgu
8. Mr. Yared Teka

Pretoria Chapter

9. Mr. Isaias Haile
10. Mr. Fessehaye Gebregziabher
11. Mr. Yohannes Tsegay

Johannesburg Chapter

12. Mr. Kuluberhan Abraham
13. Mr. Gebrelul Hayelom
14. Mr. Abdelwas'e Mohammed Hadish
15. Mr. Tesfalem Tekleab

Petersburg Chapter

16. Mr. Said Abdelkerim
17. Mr. Ibrahim Ahmed
18. Mr. Efrem Tesfamichael

Germiston Chapter

19. Mr. Isaias Gebreberhan

Additional members of the General Council elected by the Congress

20. Mr. Esayas Araia
21. Mr. Berhanu Mohammed Said
22. Mr. Mussie Beyene
23. Mr. Toedros Ghezae

Once the General Council was constituted democratically by a total number of twenty-three members, and then it democratically elected three members of the Audit Committee and five members of the Management Committee. Accordingly, the elected members of the Audit Committee are:

1. Mr. Kidanemariam Habtemariam
2. Mr. Yosief Teklemariam
3. Mr. Mihreteab Ghebrehiwet

The elected members of the Management Committee are:

1. Mr. Samuel Bizen – Chairperson
2. Mr. Andom Mesfin – Director of Finance and Administration
3. Mr. Haileab Kidane – Director of Public Relations
4. Mr. Yoel Alem – Director of Legal Affairs
5. Mr. Fanuel Mesfin – Director of Research and Documentation

Lastly, members of the Management Committee solemnly sworn, pursuant to the Constitution of EMDHR, to obey, respect and uphold the Constitution of the Movement and undertook to hold their positions with honor and dignity; to be true and faithful counselors; not to divulge directly or indirectly any secret matter entrusted to them; and to perform their duties carefully and to the best of their ability.

At the conclusion of the successful Founding Congress the Movement and its members reaffirmed their promise to build a peaceful and prosperous Eritrea that protects and values the rights of its citizens.